# ኤርትራዊት ስደተኛታት ዝቐተለን ዘቖሰለን ወተሃደር ይምርመር ኣሎ

**ክፍሊ ዜናን ባህልን**
**ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ**
09.09.2009

ብ7 መስከረም 2009 ሓንቲ ኤርትራውያን ስደተኛታት ጽዒና ናብ ሱዳን ትኣቱ ዝነበረት መኪና፡ ኣብ ጥቃ ከሰላ፡ ብሓደ ናይ ዶብ ሓለዋ ወተሃደር፡ ጥይት ተተኵሱላ፡ ሀለን ክብርኣብ ገብረስላሰ፡ ተቐማጢት ኣብ ከባቢ ከረን እትርከብ ጀፋ እተባለት ዓዲ ክትመውት እንከላ፡ ሊያ እተባህለት ድማ ቈሲላ።

እቲ ኣውቲስታ፡ ካብ’ቲ ደው ከብሎ ዝፈተነ ወተሃደር ከምልጥ ከሎ’ዩ ተኹሲ ተኸፊቱ። ኣውቲስታ፡ ካብ’ቲ ተኹሲ ኣምሊጡ፡ ኣብ ከሰላ ምስ በጽሐ፡ እቲ ሬሳን እታ ውግእትን ዝርከብዎም ተሳፈርቲ ብምሉኣቶም ኣብ ጽርግያ ደርብዮምም ተጸርጊፉ።።

ንጽባሒቱ እታ ውግእትን እቲ ሬሳን ጕፍ ዝበልዋ ሓንቲ ሰበይቲ፡ ነቲ ጕዳይ ንዝምልከቶም ኣካላት መንግስቲ ድሕሪ ምሕባራ፡ እታ ውግእቲ ኣብ ሆስፒታል ኣትያ ሕክምና ይግበረላ ኣሎ። ጸጥታ ሱዳን፡ ነቲ ተኹሲ ዝኸፈተ ወተሃደር ኣሲሮም ምርመራ የካይድሉ ኣለዉ። ከምኡ ውን፡ ነታ መኪናን ኣውቲስትኣን ምስኣ ዝነበሩ ተሳፈርቲ ምርካብ ጻዕርታት ይካየድ ኣሎ።